# KING COUNTY METRO መጽናዕቲ ምምሕያሽ መንገዲ 36

**ጽማቕ ጽምዶ ሕብረተሰብ**
Updated: Nov. 8, 2023

## መእተዊ

ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ (Metro) ምስ ክፍሊ መጓዓዝያ ሲያትል (SDOT) ብምውህሃድ፡ ኣብ መንገዲ ቁጽሪ 36 ምምሕያሻት ኣለልዩ፡ እዚ ድማ ናይ ኣውቶቡስ ጉዕዞ ግዜ ዘሕጽርን ተኣማንነት ዘመሓይሽን እዩ።

Metro ብዛዕባ መስመር 36 ናይ ቅድመ ንድፊ ግምታት ንምክፋል ምስቶም ወሰንቲ ወይ ቀንዲ ድምጽታት ናይ ሕብረተሰብ ይነጥፍ። እቲ ናይ ሕብረተሰብ ርእይቶ፣ ናይቶም ብክፋል ናይ ቢኮን ሂልን (Beacon Hill) ካልኦት ጎረባብቲ ስፍራታትን ዝኾኑ ከባቢታት ዝነብሩን፣ ዝሰርሑን፣ ዝጓዓዙን ሰባት ድሌታቶም ብዝበለጸ ንምርዳእ ሓጊዙና። Metro ድሌታቶምን ራእዮምን ንመጻኢ ዝኾኑ ናይ ንድፊ ውሳነታት ሓበሬታ ንምሃብ ዝሕግዝ ምዃኑ ንምርግጋጽ፣ ነቶም ሕብረተሰብ ኣብቲ ፕሮጀክት ንምስታፍ ኣበርቲዑ ይሰርሕ።

## ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይቲ ጽምዶ

እታ ናይቲ ፕሮጀክት ጋንታ፣ ኣባላት ሕብረተሰብ ኣብ መስርሕ ናይቲ መጽናዕቲ ንምሕዋስ ትገበሮ ተወፋይነት፣ ብክመጽእ ዝኽእል ለውጢ ብቐጥታ ዝተጸልዉ ከምኡ ውን ኣብ መስርሕ ውጥናት ኣብ ታሪኽ ትሑት ውክልና ዘለዎም ሰባት ኣብ ምብጻሕ ዘተኮረ እዩ። ኣብዚ ጽማቕ ዝተዘርዘሩ ናይ ጽምዶ ንጥፈታትን ርእይቶን፣ ነቲ በታ ጋንታ ናይቲ መጽናዕቲ ንመስመር ኣውቶቡስ መንገዲ 36 ንምምሕያሽ ዝተገብረ ናይ ንድፊ ውሳነታት መምርሒ ክኸውን እዩ፣ ስለዚ ንጠለባት ሕብረተሰብ ቢኮን ሂልን (Beacon Hill) ኪኖኡን ዘማልእ እዩ።

ኣብዚ ቀዳማይ ገጽ ናይዚ ጽምዶ፣ Metro ብመንገዲ ኣኼባታት ከምኡ ውን ኣብ ናይ Metro ጉዳያት መዘርግሒ ሓበሬታ (ማሕበራዊ ሜድያ ወይ መዛተዪ መርበብ ሓበሬታ) ብምሕታም ወይ ብምልጣፍ፣ ነቲ ናይ መጀመሪ ንድፍታት ምስ ወከልቲ ናይ ስፍራን ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ ትካላትን ኣካፊሉ። እዘን ዝስዕባ ጉጅለታት ኣካል ናይቲ ናይ መጀመርያ ዝርርባት እየን ነይረን፤ Beacon Hill Council Seattle (ቤት ምኽሪ ቢኮን ሂል ስያትል)፣ Beacon Hill Safe Streets (ውሑስ ጎደናታት ቢኮን ሂል)፣ ከምኡ ውን El Centro de la Raza (ኣብ ሕብረተሰብ ላቲኖ ቺካኖ ዘማእከለ ናይ ትምህርታዊ፣ ባህላውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ዝህብ ወኪል ትካል።)

ኣብ ዝቕጽል ገጽ ናይ ንድፊ (30%)፣ ናይ መጻኢ ጻዕርታት ጽምዶ ኣብዚ ጽማቕ ዝተለለዩ ትካላትን ዝዓበየ ክፋል ሕብረተሰብን ዝግበር ምብጻሕ ከስፍሕ እዩ።

## ቀንዲ ቴማታት

ኣብ እዋን ምዕራፍ ናይዚ ምብጻሕ (ምውጣንን 10% ንድፍን)ዝተሰምዑ ቀንዲ ቴማታት፡

- **ድሌታት ናይ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብ ህዝቢ ኣብ ግምት ምእታው** ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ስንኩላን፣ ኣብ ትራንዚት ዝምርኮሱ ህዝብን ቋንቋ እንግሊዝ ዘይዛረቡ ጉጅለታትን ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ምድልዳል መዕረፊ ኣውቶቡሳት ዝምልከት ዘጠቓልል እዩ።

- **ምእላይ መዕሸጊ** መኪና ኣብዚ ስፍራ'ዚ ብቐጻሊ ዝቀያየር ጉዳይ እዩ። ምዕሻግ መካይን ንምንካይ ገለ ደገፍቲ ድምጽታት እኳ እንተሃለዉ፣ ዓቢ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ ኣብቲ ስፍራ ዝርከብ መዕሸጊ መካይን ብኸመይ ክቕየር ከምዝኽእልን ምስኡ ዝተኣሳሰር ምትሕውዋሳትን ንጹር ርድኢት ክረክብ ይደሊ።
- **ናይ ንግዲ ተበጻሕነትን መተሓላለፍን** (BAT) **መስመራት** ኣብቲ ሕብረተሰብ ንዝርከቡ መራሕቲ መካይንን ተቐዳደምቲ ብሽክለታን ቀሊልን ብሓፈሻ ድማ ዘተባብዕን እዩ።
- ብዛዕባ ውሕስነት ፕሮጀክት Beacon Ave S ከምኡ ውን 15th Ave S **ምስ SDOT ምውህሃድ ኣብ ምቕጻል** ኣገዳሲ እዩ።
- ኣብዚ ሕብረተሰብ ብዙሓት ኣ**ብ መተሓላለፊ (ትራንዚት) ዝምርኮሱ ህዝቢ** ኣለዉ።
- **ውሕስነትን ተበጻሕነትን** ንተሳፈርቲ ኣውቶቡስ ዓበይቲ ስክፍታታት እዮም፣ በዚ ምኽንያት ድማ እዩ ተኣማንነት ኣውቶቡስ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኸውን።

## ርእይቶ ወይ ግብረ መልሲ ናይ ሕብረተሰብ

Metro ኣብ መንጎ ሓምለን መስከረምን 2023 ኣብቲ መጽናዕቲ ዝተኻየደሉ ከባቢ ምስ ሰለስተ ወሰንቲ ናይቲ ሕብረተሰብ ጉጅለታት መብርሂ ንምሃብ ኣኼባታት ኣካይዱ፤ Beacon Hill Council Seattle (ቤት ምኽሪ ቢኮን ሂል ስያትል)፣ Beacon Hill Safe Streets (ውሑስ ጎደናታት ቢኮን ሂል)፣ ከምኡ ውን El Centro de la Raza (ኣብ ሕብረተሰብ ላቲኖ ቺካኖ ዘማእከለ ናይ ትምህርታዊ፣ ባህላውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ዝህብ ወኪል ትካል።) ነፍሲ ወከፍ ናይቲ ሕብረተሰብ ጉጅለ ብዛዕባ እቶም ዝቐረቡ እማመ ንድፍታት ዝያዳ ክፈልጡን፣ ሕቶታት ክሓትቱን ርእይቶ ክህቡን ዕድል ረኺቦም። እዞም ዝርርባት እዚኦም ነታ ጋንታ ብዛዕባ ተመኲሮታቶም ርድኢት ንኽትረክብ ሓጊዞዋ እዩ።

ኣብዞም ዝርርባት ዝተኻፈለ ርእይቶ ነዞም ዝስዕቡ ዝሸፍን እዩ ነይሩ፤

- እቲ ሕብረተሰብ ንመስመር ኣውቶቡስ መንገዲ 36 ብኸመይ ይመኮርዎን ይጥቀመሉን፣
- ኣቓዲሞም ዝጸንሑ ኩነታትን ብድሆታትን፣ ከምኡ’ውን
- ንኽህልዉ ዝኽእሉ መፍትሒታት ዝምልከት ሓሳባትን ኣብ ግምታት።

ካብ ነፍሲ ወከፍ ፍጻመ ዝረኸብናዮም ቀንዲ ርእይቶታት ኣብ ታሕቲ ተጠቓሊሉ ኣሎ።

**ቤት ምኽሪ ቢኮን ሂል ሲያትል (Beacon Hill Council Seattle)**

- ተሳተፍቲ ኣብ ጥቓ ማእከል ሕክምና Seattle VA ኣብ ዝርከቡ መዕረፊ ኣውቶቡሳት ይምርኮሱ፣ እዚኦም ድማ ነዚ ሕብረተሰብ ኣገደስቲ እዮም።
- ብፍሉይ ኣብ ጥቓ ማእከል ሕክምና Seattle VA ዝዓዓዙን መንገዲ 36 ዝጥቀሙን ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም ብዙሓት ሰባት ኣለዉ።

- ምእላይ መዕሸጊ መኪና ኣብዚ ስፍራ'ዚ ዘባእስ ጉዳይ እዩ።

**ውሑስ ጎደናታት ቢኮን ሂል (Beacon Hill Safe Streets)**

ውሱን ናይ ኣውቶቡስ ሰዓታት ጥራይ ዘለዎም መስመራት BAT ንሕብረተሰብ ርኡይ ረብሕ ዝህብ ኣይኮነን።

- ናይ ንግሆን ምሸትን ጽዑቕ ምንቅስቓስ ዝህልወሉ ግዜ ብኣውቶቡስ ጥራይ ንዝግበር ጉዕዞ ቀዳምነት ምሃብ፣ ኩሉ ግዜ ንጠለባት ናይቶም ምሉእ መዓልቲ ንመገሻታት ትራንዚት ዝጥቀሙን/ወይ'ውን ኣማራጺ መደባት ናይ ስራሕ ዘለዎምን ተሳፈርቲ ኣውቶቡስ ዘቃልሕ ኣይኮነን።

- ኣብ መስመር መዕረፊ ኣውቶቡሳት (ፌርማታ) ምፍጣር ጎኒ-ጎኒ እቲ ማርሻፔዲታት ውሕስነት ንምምሕያሽ ክሕግዝ ይኽእል።

- ኣብ መንጎ S Lander Stን S McClellan Stን ዝርከብ ማእከላይ ጎደና ናይ Beacon Ave S፣ ነቶም በቲ ጽርግያ ሰንጢቖም ዝጓዓዙ ኣባላት ሕብረተሰብ፣ ዘይወግዓዊ ኣብ ማእከል ዝርከብ መሳገሪ ነጥቢ እዩ።

- ጸዕቂ ኣውቶቡሳት ነተን ኣብ ሰዓተን ክበጽሓ ዝግበአን ኣውቶቡሳት ከደናጉየን ይኽእል፣ እዚ ድማ ብሰንኪ እዞም ዝስዕቡ እዩ፤
    - ናብ ኣውቶቡስ ዝድይቡን ዝወርዱን ተሳፈርቲ፣ ስለዚ ካልኦት ክወጹ ይኽእሉ ከምኡ'ውን
    - ኣብ ዙርያ ጽቕጥቅጥ ዝበለት ኣውቶቡስ ንምንቅስቓስ ዝያዳ ግዜ የድሊ።

- ምእላይ መዕሸጊ መኪና ነዛ ጉጅለ'ዚኣ ዘሰክፍ ስለዘይኮነ። መካይን ብፍላይ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ተሳፈርቲ ጥራይ ክሕዛ እንከለዋ፣ ኣውቶቡሳት ድማ ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት የጓዕዛ።

- እተን ኣውቶቡሳት ተሳፈርቲ ክጽዕና/ከውርዳ ዝቐለለን ውጽኢታዊን ዝኾነ መንገድታት ንምድህሳስ ዝወሃብ ምኽርታት።

- ኣብ Beacon Ave S ካብ 14th ክሳብ 15th Ave S ቀዳምነት ንምሃብ ምልክት ምግባር ይምከር።

- ኣብ ክንዲ ነቲ መስቀላዊ መንገዲ ምልክት ምግባር ኣብ Beacon Ave Sን S Orcas Stን መስመራት BAT ምትካል ይምከር (ኣብዚ እዋን እዚ ብኹሉ መንገዲ መዕረፊ ኣውቶቡስ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣሎ)።

- ምስ ፕሮጀክት ውሕስነት Beacon Ave Sን 15th Ave Sን ዝግበር ቀጻሊ ምውህሃድ የድንቕ።

**ኣብ ሕብረተሰብ ላቲኖ ቺካኖ ዘማእከለ ናይ ትምህርታዊ፣ ባህላውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ዝህብ ወኪል ትካል (El Centro de la Raza )**

- ምትሕውዋስ በጻሕቲ ወይ መዓልታዊ ኣብ መንገዲ 36 ብቐጻሊ ዝጓዓዙ ወይ ድማ ናብቲ ዝኸድዎ ቦታ ንምብጻሕ ብመኪና ዝኸዱ።

- መንገዲ 36 ንሕብረተሰብ ዝምችኡ ብዙሓት መዕረፊ ኣውቶቡሳት (ፌርማታ) ኣለዎ።

- ገለ በጻሕቲ ኣብ ክንዲ ብኣውቶቡስ ዝሳዓዙ፣ ብሰንኪ ኣብ መጸበዪ ኣብ ዝጽበዩሉ እዋን ዘለዎም ናይ ውሕስነት ስክፍታ ባዕሎም ምዝዋር ይመርጹ።
- መስመራት BAT ንመራሕቲ መካይን ንምምእዛን ቀሊል እዩ።
- ምእላይ መዕሸጊ መኪና ኣብዚ ስፍራ'ዚ ሕዋስ ጉዳይ እዩ። ገለ ኣባላት ሕብረተሰብ ኣብ ትራንዚት ዝምርኮሱን ኣብ ጉዳይ መዕሸጊ መካይን ዝወሓደ ስክፍታ ዘለዎምን እዮም፤ ካልኦት ድማ ንበይኖም ዝዝውሩ ኮይኖም ብዛዕባ ምእላይ መዕሸጊ መካይን ስክፍታኦም ገሊጾም።
- ጻዕቂ ትራፊክ ንመገሻ ኣጸጋምን ዘደናግርን ክገብሮ ስለ ዝኽእል ኣብ ቅድሚ ዕዳጋ ሂልቶፕ ሬድ ኣፕል (Hilltop Red Apple Market) ደው መበሊ መብራህትን መስመር BATን ምውሳኽ ይመክር።

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

ኣብ ታሕቲ ዝርዝር ናይቶም ብተሳተፍቲ ኣኼባ ዝሕተቱ ልሙዳት ሕቶታትን መልስታት ካብ ጋንታ Metroን ኣለዉ።

- ኣብ መስመር ዝርከቡ መዕረፊ ኣውቶቡሳት (ፌርማታ) ካብ ኣብ መናሃርያ ናይ ኣውቶቡስ ደው ዝብላ ኣውቶቡሳት ዝሓሸ ድዩ?
  - *ኣብ መስመር ዝርከቡ መዕረፊ ኣውቶቡሳት ካብ ልምዳዊ ዘባ ናይ ኣውቶቡስ ዝቐልጠፉ እዮም። ኣብ መስመር ዝርከቡ መዕረፊ ኣውቶቡሳት ከምቲ ኣብ ልምዳዊ ኣውቶቡስ ናብቲ ደው ትብለሉ መንገዲ ንምስሓብን ናብ መስመር ንምምላስን ዝጠፍእ ግዜ የወግዱ። ኣውቶቡሳት ደጊመን ናብ መስመር ተመሊሰን ክወሃሃዳ ስለዘየድልየን ኣብ መስመር ዝርከቡ መዕረፊ ኣውቶቡሳት ምግጫው ኣውቶቡሳትን ተሽከርከርትን ይቕንሱ።*
- እዞም ለውጥታት ኣብ ማእከል ከተማ Seattle ድዮም ዝግበሩ ዘለዉ ወይስ ኣብ Beacon Hill?
  - *ኣብቲ ምድንጓያት ጉዳይ ኣርእስቲ ኮይኑ ዝጸንሐ Beacon Hill ስፍራ ምምሕያሽ ክንገብር ንሓስብ ኣለና።*
- መስመራት BAT ኣብ ጽርግያ ንዝግበር መኪና ምዕሻግ ብኸመይ ይጸልዎ?
  - *መስመራት BAT ምትካል ዝተወሰነ መልክዕ ምእላይ መዕሸጊ መካይን ኣብ ጎደናታት ከድሊ እዩ። ነቲ መስርሕ ንድፊ እናቐጸልና ክንደይ ናይ መኪና መዕሸጊ ቦታታት ክቕየር ከምዝኽእል ብቑጽሪ ንውስን ኣለና፣ ዝያዳ እናፈለጥና ኣብ ዝኸድናሉ ድማ ርኽበታትና ክነመሓላልፍ ኢና።*
- ድሕሪ መዕረፊ ኣውቶቡስ ምዕጻው ዘሎ ስነ-መጎት እንታይ እዩ?

    - *ብፍሉይ ምስ ክልተ መዐቀኒታት ዝተኣሳሰሩ መዕረፊ ኣውቶቡሳት ንዓጽዎም፤ መምርሒታት ኣገልግሎትና ዘየማልኡ ምስ ካልኦት ዘባታት ናይ ኣውቶቡስ ቅርበት ዘለዎም፤ ወይ ድማ ብኣንጻር ኣንፈት ዝኸይድ ዝዛመድ ዘይብሉ ብሓደ ኣንፈት ጥራይ ዝኸይድ ዞባ ናይ ኣውቶቡስ ኣሎ።*

- ኣብ መንጎ መዕረፊ ኣውቶቡሳት ዘሎ መደበኛ ዝለዓለ ቁጽሪ ብሎኮታት ናይ Metro ክንደይ'ዩ?
    - *ንመብዛሕትኦም ኣገልግሎታት ናይ Metro፣ ማእከላይ ገምጋም ናይ መቖሚ ርሕቀት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ርብዒ ማይል ወይ ብግምት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙሽተ ብሎኮታት እዩ።*

- ንውሕስነት ፕሮጀክት Beacon Ave Sን 15th Ave Sን ኣብ ግምት ብምእታው፣ Metroን SDOTን ብዝያዳ ብቐጥታ ብሓባር ክሰርሑ መደብ ኣሎዶ?
    - *Metro ን SDOT ን ኣብ Beacon Hill ስፍራ ለውጢ ንምምጻእ ብቐረባ ይሰርሑ ኣለዉ። እናሰጎምና ምስ ከድና ክልቲኦም ፕሮጀክትታት ዝሰማምዑ ምዃኖም ንምርግጋጽ ምስ SDOT ምውህሃድና ክንቅጽል ኢና።*

- መዓስ እዩ እቲ ዝዓበየ ሕብረተሰብ Beacon Hill ብዛዕባ'ዚ ስራሕ ዝያዳ ዝርዝር ክጽበ ዝኽእል?
    - *ኣብ ቀረባ እዋን ንዝቕጽል ምዕራፍ ናይቲ ፕሮጀክትና ኣዝዩ ሰፊሕ ናይ ማሕበረሰብ ምብጻሕ ከነካይድ ኢና።*

- ንዕላማ ናይ Metro፣ ሸቶ ናይ ምውሳኽ ተሳፈርቲ ኣሎ ድዩ?
    - *ነዚ ዝኸውን ፍሉይ ሸቶ የለን፣ ግን Metro ኣብ ለውጢ ሓበሬታ ናይ ቁጽሪ ተሳፈርትን እንዳወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ህዝብን መሰረት ዝገበረ ቁጽሪ ተሳፈርቲ ተጠቀምቲ ህዝባዊ መጎዓዝያ ንምህናጽ ኩሉ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ።*

- Metro' ኣብ ግዚኡ ዝሰርሖ ናይ ብቕዓት ሸቶ ካበይ ይመጽእ?
    - *እቲ ናይ ኣብ ግዚኡ ናይ ብቕዓት ሸቶ ኣብ መምርሒ ኣገልግሎት Metro ተቐሚጡ ኣሎ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ሸቶታትና ኣውቶቡሳት ካብቲ ዝተመደበሉ ግዜ ኣብ መንጎ ክልተ ደቃይቕ ኣቐዲመንን ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቃይቕ ድሕሪ ግዜን ክበጽሓ እዩ። ኣውቶቡሳት ንተኣማንነት ክጻልዉ ዝኽእሉ ግዳማዊ ረቛሒታት ኣብ ግምት ብምእታው እንተወሓደ 84 ሚእታዊት ናይቲ ግዜ ኣብ ግዚኣን ክበጽሓ ይግባእ።*

- ኣብዚ መብርሂ ተዘርዚሮም ዘለዉ ዓይነታት ምምሕያሽ (BAT መስመራት፣ ናይ መጥወዪ ገደባት/ሕድገታት፣ ኣብ ውሽጢ መስመር ዝርከቡ መዕረፊ ኣውቶቡሳት፣ ምልክት ወይ መስቀላዊ መንገዲ ምምሕያሽ፣ ከምኡ እውን ሪጋ ዝዘልል) ንኹሎም ኣብ ግምት ዝኣትዉ ለውጥታት ይፈጥሩ ድዮም?

- *እቶም ዝተጠቕሱ ሓሙሽተ ነዚ ፕሮጀክት ኣዝዮም ልሙዳት ኮይኖም፣ ካልኦት ኣብ ግምት ዝኣትዉ ዘለዉ ኣማራጺታት ንድፊ ግን ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝተሓተ ጽልዋ ኣለዎም።*

- ኣብዚ ሕዚ እዋን ብዛዕባ መንገዲ 36ን እዚ ፕሮጀክትን ካብ ህዝቢ እንታይ ትሰምዕ ኣለኻ?
  - *ኣብ መጀመርታ ደረጃ ናይዚ ፕሮጀክት ኢና ዘለና። ኣብዚ ናይ መጀመርታ ምዕራፍ ድምዳ፣ Metro፣ ኣብ ውሽጢ እቲ መጽናዕቲ ዝካየደሉ ከባቢ ካብ ዝርከቡ ቀንዲ ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበሩ ትካላት ዝመጹ ወከልቲ፡ ብመገዲ ቨርቹዋል መግለጺታት ናይ መጀመርታ ናይ ንድፊ ኣምር ኣካፊሉ። እቲ ዝሰማዕናዮ መንገዲ 36 ልዑል ተሳፈርቲ ዘለዎ መስመር ኣውቶቡስ ምዃኑን ምስ ናይ ጉዕዞ ግዜን ተኣማንነትን ነዊሕ ዝጸንሐ ጸገማት ዘለዎ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። በዚ ስራሕ ኣቢልና ነቲ መስመር ብንጥፈት ንምምሕያሽ ስጉምትታት ክንወስድ ንደሊ፣ ምዕባለ ምምሕያሻት ጸናሰሳሙ ምስ ከደ ድማ ምስ ዝሰፍሐ ክፋል ሕብረተሰብ ክንዋሳእ ኢና።*

- ነፍሲ ወከፍ ናይ ምምሕያሽ ጥቕላል ነቲ መስመር ኣብ ግዚኡ ዝሓተቶ ሸቶታት ንምዕዋት ብማዕረ ይሕግዞ ድዩ?
  - *ፈተነታት ነካይድን እዞም ምምሕያሻት ንተኣማንነትን ኣብ ግዚኡ ንዝቐርቡ ዕላማታትን ብኸመይ ከም ዝጸልዉ ንገምግም ኣለና። ኣብ እዋን ደረጃ 2 መርመራ ብዛዕባ ኣድማዕነቶም ዝሓሸ ርድኢት ክህልወና እዩ። ንተወሳኺ ርእይቶታት ውጽኢቱ ንሕብረተሰብ ከነካፍል ብሃንቀውታ ንጽበ።*

## ዝቕጽል ስጉምትታት

Metroን ጉጅለ ንድፊ-ምህንድስናን፣ ክህሉ ዝኽእል ምምሕያሻት ንምልላይ፣ ኣምር ንድፊ ብምትንታን ክቕጽሉ እዮም። **እቲ ጉጅለ ኣብ ቢBeacon Ave Sን S Orcas Stን ዝቐረበ ኣምር ኣመሓይሹ ነቲ ዝጸንሐ ናይ ኩሉ መገዲ መቖሚ ምቁጽጻር ንምዕቃብን ኣብ ክንዲ ነቲ መስቀላዊ መንገዲ ምልክት ምግባርን ብኽልቲኡ ኣንፈት BAT መስመራት ንምውሳኽን፣ ከምቲ Beacon Hill Safe Streets ዝመኸሮ።**

ኣብ ዝቕጽሉ ኣዋርሕ፣ Metro ዝርዝር ምምሕያሻት ፕሮጀክት ክውድእ፣ ን10% ንድፊ ዝኸውን ኣምር ከዳሉ፣ መባእታዊ ግምታት ወጻኢታት ከዳሉ፣ ከምኡ'ውን ንዝቕጽል ምዕራፍ ንድፍን ግብረ መልሲ ማሕበረሰብን ዝምልከት ለበዋታት ዝሓዘ ናይ መወዳእታ ጸብጻብ ክዝርግሕ እዩ።